# ደምበ ህግደፍ ናይ ፖለቲካ ምውታት ሰፈር፡

ኤርትራ ልኡላዊት ሃገርያ። ልኡላዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘለዎ ህዝቢ ድማ ክህልዋ ነይርዎ። ብተግባር ግን መሬታዊ ልኡላውነት 'ምበር፡ ህዝባዊ ልኡላውነት የለን። ቦታ ህዝባዊ ልኡላውነት ብሓደ ሰብ ዝተዘምተሉ ወቕቲ ኢና ንርከብ ዘለና። ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ መዘውር ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ብድሌትን ውሳኔን ሓደ ሰብ'ዩ ተታሒዙ ዘሎ። ምንጪ መትንታት ሃገራዊ ቁጠባ ካበይ፣ ክንደይ ተረኺቡ፣ ኣብ ምንታይ ውዒሉ፣ መን ተረቢሕሉ፣ ዝፈልጥን ዝውስንን ሓደ ሰብ'ዩ። ጸጥታዊ ሃገራዊ ርግኣት፡ ብሓደ ሃላሊ ባእታ ዝደሚ፡ ዝሕከምን ዝረክስን ቁስሊ ኮይኑ ኣሎ።

ስሩት ኣወንታዊ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ሃይማኖታውን ክብርታት ህዝቢ ብሓደ ዘራጊቶ ሰብ ቀስ ብቐስ ኣብ ምህሳስ ይርከብ። ዝምድናታት ወጻኢ ኤርትራ፡ ንኽብርን ነጻነትን ህዝባውን መሬታውን ልኡላውነት ኣብ ዕዳጋ ኣወሪዱ ብዓይነትን ገንዘብን ዝሸርሽር ኮይኑ ኣሎ። ህዝባውን ሃገራውን ፖለቲካዊ ሚዛን መሬት ዘቢጡ ይርከብ። ብድምር ናይ ዜጋታትን ህዝብታትን መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ምሉእ ንምሉእ ኣብ ትሕቲ ምሕረት ሓደ ሰብ ዝወደቐሉ፡ ስለዚ ከኣ ስኽፍታ ለባማት ኣብ ናይ መወዳእታ ጫፍ ዝበጽሓሉ ኩነታት ንርከብ ኣለና።

እዚ ካብ ትጽቢትን ሕልምን የዋሃትን ሓርበኛታትን ኤርትራውያን ወጻኢ ብተግባር ኮይኑ ዝርከብ፡ ውጽኢት ናይ እምነት ክሕደት'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ዘካየድዎ ዝተናወሐ ቃልሲ፡ ዝኸፈልዎ መስዋእትን ዝነበሮም ትጽቢትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ከምዚ ኮይናዮ ዘለና ክንከውን ብዓይኒኻ ንትሪኦ ንምእማኑ ዘጸግም ውጹእ ክድዓት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ትማልን ሎሚን፣ ሃገራዊ ፍቕሪ ኤርትራውያን ትማልን ሎሚን፣ ሓርበኝነት ጽንዓትን ተወፋይነትን ኤርትራውያን ትማልን ሎሚን እናተባህለ ክዝረብ ሰሚዕካ፡ ብናይ ትማሊ ትብዓት ኣብ ዓውደ ውግኣት ትሕበን። ብናይ ሎሚ ፖለቲካዊ ዝርገት፣ መርሆ ምጥፋእ፣ ተንበርካኽነት፡ ምምእዛዝን ምስጋድን ኣብ ትሕቲ ሓደ ሰብ ድማ ትሓፍር ርእስኻ ተድንን።

ኣብ'ዛ ብሓደ ፖለቲካዊ ጉጅለ ዘይኮነ ብወሳኒ መልክዑ ብሳንቡ ሓደ ሰብ ተስተንፍስ ዘላ ልኡላዊት ሃገረ ኤርትራ፡ ርእሲ ኩሉ ሕግታት ዝኾነ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም የለን። ሃገራዊ ሰላምን የለን። ሃገራዊ ልምዓት የለን። ህዝቢ ናተይ ዝብሎ ዝቖጻጸሮ መንግስቲ የለን። ኮታ ንቡር ንጥፈታት ዘካይድ ተሓታትነት ዘለዎ ቅርጺ መንግስቲ የለን። ህግደፍ ዝበሃል ብሕግን ስርዓታዊ ቅርጻን ደሊኻ ዘይርከብ፡ ኣብ ገበናዊ ተግባራት ግን ኣጽፋሩ ስሒሉ ዝፍሕትር ናይ በጋሚዶ እኽብካብ ጉጅለ ኣሎ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናተባህለ ዝጽዋዕ፡ ብዝተፈላለየ ኣስማት ዝተጠመቐ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር፡ ገዛእ ርእሱ ካብ ባርነት ሓራ ዘይወጸአ ዕጡቕ ክፍልታት ኣሎ። ነዚ ዝመርሐ ወተሃደራዊ መኮንናት ኣለው። ሚኒስተራት'ውን ኣለው።

ብድምር ናይ'ቲ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝጽዋዕ ትካል ከም ትካል፡ ናይ'ቶም ነቲ ትካል ይመርሑ ዝበሃሉ ኣብ ጎደናታት ኤርትራ ህዝባዊ ተልእኾኦም ከም ዝፈጸሙ ሰብ ሕድሪ፡ ኣብ መንኮቦም ጽሩራ ገይሮም ሸናዕ ዝብሉ መኮንናት ኮነ፡ ከም ዑፍ መስቀል ሳሕቲ ሚኒስተር እከለ ተባሂሎም ምስተጸውዑ ዝጠፍኡ ሚኒስተራት፡ ተልእኾን ዕማምን እንታይ'ዩ? ውግንናኦም ንመን? ኣገልግሎቶም ንመን? ዝብል ሕቶ ኣልዒልካ ትረኽቦ መልሲ ግን የሕንኽ፡ የደንጹ ድማ። ብስም ህዝቢ ከም ትካል ቆይሙ፡ ብስም ህዝቢ ኮለኔል ጀኔራል ተባሂሎም ጽሩራ ገይሮም፡ ብስም ህዝቢ ሚኒስተር ተሸይሞም ከቢሮም ክንሶም፡ "ክንዲ ዘኾለስኩ ኢደይ ተነኸስኩ" ከም ዝተባህለ ነቲ ክብሪ ዝሃቦም ህዝቢ ኣይኮነን ንውዕለቱ ዝምጥን ክብሪ ክህብዎ ንቡር ሰላም ነፊገሞ ይርከቡ።

ንዘ'ኽበሮም ህዝቢ ዝ'ኸሓዱ ዘሕሰሩ፡ ከም ህጻን ቆልዓ ብኢዱ እናጸፍዐ ንዝመርሖም ዘ'ኽብሩ ዘምል'ኹ ናትና ዝብልዎ ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሎም ፍጡራት ም'ኻኖም ትርዳእ'ሞ ትሓዝን። ብውድቀት ልኡላውነት ህዝብን ልኡላዊ መሬት ዘይሓምም? ስለምንታይ ከም'ዚ ይበሃል ወይ ይግበር ኢሉ ዘይሓትት ትካል፡ ብ'ኸመይ ሓይልታት ምክል'ኻል ኤርትራ ተባሂሉ ይጽዋዕ? ከይኮነ ኣቐዲሙ ፖለቲካዊ ውድቀትን ዕቤትን ሃገር ከንብብ፡ ቅኑዕ ኣንፈት ከትሕዝ፡ ናብ ህዝቢ ወጊኑ ክዋሳእ ዝግባእ፡ ኮለኔል ጀኔራል፣ ሓላፊ ጸጥታን ስለያን፣ ኣማሓዳርን ሚኒስተርን፣ ማሕበራዊ መራ'ኸቢታትን ስነ-ጥበብን፣ ኣምባሳደርነትን ማሕበረ ኮምን ብሓቂ ካብ ኣካላዊ ህላወ ወጻኢ ፖለቲካዊ ሩሕ ኣለኒ ዝብል እንተደኣ ኮይኑ ህላወኡ ሎሚ ዘየረጋገጸ መዓስ'ዩ ከረጋግጽ?

ኣብ ፖለቲካዊ ህይወትን ስርዓትን ዘለወን ሃገራት፡ ተልእ'ኾን ጽልዋን ሓይልታት ምክል'ኻል ከም ትካል ኣዝዩ ረዚንን ዘይስገርን'ዩ። ግደን ተጽዕኖን ሓላፍቲ ጸጥታን ስለያን፣ ኣመሓዳርትን ሚኒስተራትን፣ ማዕከናት ዜናን ስነ-ጥበብን፣ ኤምባሲታትን ማሕበረ ኮማትን ኣብ ረብሓ ህዝብን ክብረት ልዕልና ሕግን ተሰሪቶም፡ ካብ መስመር ንዝወጽኡ፡ ሓዊ ንዝጽሕትሩ፡ ብመንገዲ ጥፉኣት ንዝዕንድሩ፡ ብዋጋ ህዝብን ሃገርን ንክብረ ዝናኦም ንዝሰማምዑ ውልቀ መራሕቲ ይቆጻጸሩ ይቐርጥጡ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዮም ይፋረዱን 'ምበር፡ ብስም ህዝብን ብገንዘብ ህዝብን ምስ ስድራ ቤቶም ከቢሮም እናነበሩ፡ ሕልናኦም ሸይጦም ንድሌት ሓደ ሰብ ከፈጽሙ ኣይነብሩን'ዮም። ኣብ ኤርትራ ዘለው ትካላትን ኣካላትን ግን፡ ብዊንታ ሓደ ሰብ ዝ'ኸዱ፡ ከም ፖለቲካዊ ራእይ ስትራተጂን ፖሊሲ ብቁመና ሓደ ሰብ ዝምርሑ፡ ሰብኣዊ ክብረቶም ኣሕሲሮም፡ ክብረት ህዝብን ሃገርን ዘሕስሩ ካብ ፖለቲካዊ ተሳተፎ ተገሊሎም ኣብ ገበናዊ ተግባራት ዝዋስኡ ምውታት'ዮም።

ብሰንክቲ ንሶም ዘምል'ኽዎ ፖለቲካዊ ዕብዳን ዝተዓዛዘሮ መላ'ኺ ባእታን፡ ናታቶም ተንበርካ'ኽነትን ህዝብታት ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዝርከቡ፡ ክኒዮ ዘረባ ኣብ ባይታ ዘሎ ብዓይኒ ዝረኣ ብርሰት ባዕሉ ምስክር'ዩ። ናይ ፖለቲካ ለባማትን መስተውዓልትን “ውሕጅ ከይመጽአ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ” ከም ዝተባህለ ኣንፈትና ኣይግድን እቲ ኩሉ ዋጋ ከፊልና ውጽኢቱ “ መለሳ ቆሎ ጥጥቕ ከይ'ኸውን ንለብም፡ ኣብ ፖለቲካ ዘለና ኣረኣእያ፣ ኣብ ህዝብን ልዕልና ግዝኣተ ሕግን ዘለና ኣረዳድኣ ንኣርም ነመሓይሽ ዝብል ኣመት ሂቦም። ኣብ ልዕልና ሓደ ሰብ ዘምል'ኹ ትካላትን ኣካላትን ዝሓዝዎ ቦታን ህዝቢ ዝጸልውሉ መሳርሕን ይሕይል ስለ ዝነበረ ግን፡ ሳማዒ እዝንን ተግባሪ ኣካልን ኣይረ'ኸበን። ስለዚ ከኣ ደረጃ ብደረጃ እናንቀልቀልና መጺእና ኣብ'ዚ ሎሚ ንርከበሉ ናይ መወዳእታ ጥርዚ በጺሕና።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝጥለብ ዘሎ፡ ኣብ ሰላማዊ ሃዋህው ዝግበር ነጻን ደሞክራሲያዊ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ውድድር ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ትሕቲ ሓደ ሰብ ንዘለው ትካላትን ኣካላትን ህግደፍ ኣይግበኦምን፡ ንዓና'ዩ ዝገበኣና ዝብል ኣይኮነን። ከም ህዝብን ሃገርን ካብ ህላወ ናብዘይ ህላወ ን'ኸይድ ስለ ዘለና፡ ማእከሉ ካብ'ዚ ከመይ ንድሓን? ዝብል ርኡይ ሓላፍነታዊ ሻ'ቕሎት ዝዓሰሎ'ዩ። ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ርዝነት፡ ካብ 1991 ንደሓር ካብ ዓመት ናብ ዓመት ምንቁልቃል እናመዝገበ'ኳ እንተመጽአ ውልቀ መላ'ኺ ክሕበኣሉ ንዝፍትን ፖለቲካዊ ድሕረት ዘኮማስዑ ዘሰራስሩ ዘይቀበጹ ወገናት ብርክት ዝበሉ ስለ ዝነበሩ፡ ክሳብ ሎሚ ንድሕት ህዝብን ሃገርን ዝድር'ኽ ትርር ዝበለ ውቅዒት ከዕርፍ ኣይተራእየን። ሕጂ ግን ኩሉ'ቲ ፈጠራዊ መደናገሪ በዓትታት ተቓሊዑ ኣሎ። ኣይኮነን ብደገ ዘለው ናብ ናይ ስልጣን ውድድር ከቋምቱ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ሓደ ሰብ ኮይኖም ክሰርሑ ዝጸንሑን ዘለውን ትካላትን ኣካላትን'ውን ብ'ኸምቲ ዝመጽእዎ ክ'ቕጽሉ ከምዘይ'ኽእሉ ዘመላ'ኽቱ ንህልውና ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ኩነታት ቅድሚት ይመጽኡ ኣለው።

ኮሚሽን ዶብ ዝበየነልና ባድመ እንተዘይተረከብና፡ ስርዓት ወያነን ዓንገልቱን ካብ ልኡላዊ መሬትና ክሳብ ዘይወጽኡ፡ ዘቤታዊ ሰላም፣ ዘቤታዊ ህንጸት ስርዓት ደሞክራሲ፣ ዘቤታዊ ልምዓታዊ መደባት የለን እናተባህለ ኣስታት ን20 ዓመት ከበሮ ጥፍኣት ክድሰ'ቕ፡ ስደት፡ ሞትን እህህታ ዘይተፈልዮ ህይወት ነጊሱ ጸኒሑ። ፈጻሚ ኣካል ኢህወደግ ብዝወሰዶ ንጹርን ዘየወላውል መርገ ተ'ኸቲሉ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ውልቀ መላ'ኺ ኢሳያስን ብዝተገብረ ስምምዕ መሰረት፡ ኣብ መንጎ ኤርትራ ኢትዮጵያን ዝነበረ ኣይኩናት ኣይሰላም

ሃዋህው ተቐይሩ ኣሎ። ደጊም ናብ ዘቤታውን ክልተኣውን ልምዓት ክነተኩር ኢና። ኣብ'ዚ ርብዒ ዘመን ዝኸሰርናዮ ዕድላት ክነምልስ ኢና። ዞባዊ ሰላም ቁጠባዊ ውህደት ንምርግጋጽ ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና ድማ ተባሂሉ።

እቲ ቃል ኣብ ባይታ ክትግበር ግን ኣይተራእየን። እቲ ተገይሩ ዝተባህለ ስምምዕ ህዝቢ ኣይሳተፈን። ሕጋውን ወግዓውን መኸተምታ ኣይተገብረሉ። ተኸፊቱ ዝተባህለ ዶባት ክፉላዊ 'ምበር ምሉእ ኣይኮነን። ውልቀ መላኺ ምስ ኢትዮጵያ ገይረዮ ዝብሎ ዝምድና ብደረጃ ሃገር ዘይኮነ፡ ካብ ሓይልታት ኢትዮጵያ ንሓደ ሒዝካ ነቲ ካልእ ንምህራም ተንኮል ዝሓዘለ ብምዃኑ እምነት ተሕድረሉ ኣይኮነን። ድሕሪቲ ስምምዕ ሰላም ብረት ኣውሪዶም ዝነበሩ ብዕድመ ዝደፍኡ ዜጋታት፡ ሕጂ ከም እንደገና ብረቶም ክሕዙ ተሓቢርዎም ኣሎ። ናይ ሱዳን ተቓወምቲ ውድባት ሓድሽ መዓስከርን ቤት ጽሕፈትን ከፊቶም ኣንጻር መንግስቶም ወተሃደራዊ ታዕሊም ክውስዱን ምስ መንግስቲ ሱዳን ናብ ርኡይ ረጽሚ ንምእታውን ይሰርሕ  ከም ዘሎን ዝተፈላለዩ ምንጭታት ይሕብሩ ኣለው። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ገይረዮ ዝበሎ ስምምዕ ንህዝቢ ኤርትራ ከርብሕ ኢሉ ዘይኮነስ፡ ካብ ተነጽሎ ንምውጻእን ገንዘባውን ዓይነታውን ረብሓ ንምርካብ ዓሊሙ ምዃኑ ርዱእ'ዩ።

ከምኡ ምዃኑ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበረ ዘይምቅዳው ጠንቁ ሳዕቤኑን ተሓተትነቱን ተነጺሩ ናይ መወዳእታ መዕለቢ ከይተገብረሉ፡ ምስ ሱዳን ዘርእዮ ዘሎ ዘይወግዓዊ ግን ከኣ ሓደገኛ ኢድ ምትእትታው፡ ብናይ ግዳም ዓንገልቱ ለኣኹን ግበር ተባሂሉ ዝተዋህቦ ዕማም ይፍጽም ምህላው ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ናይ ተለኣኣኽነት ዕማም  ነቶም ለኣኽቲ  ዘርብሕ ደኣምበር፡ ንህዝብታት ኤርትራ ብዘይካ ጉድኣት ዝኾነ ይኹን ጠቕሚ የብሉን። እዚ ናይ ርሑቕን ቀረባን ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ዞባና ክፈጥርዎ ዝደልዩ ዘለው ኢደኣዙራዊ ምስፍሕፋሕን ዕሱባቶም በዓል መን ምዃኖምን ዘመልት'ዩ። ህዝቢ ከም ህዝቢ ብሓደ ሰብ፡ ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ምስ እኸለ ቃል ኪዳን ኣሲሩ ክበሃል፡ ብዘይ ጭቡጥ ምኽንያት ከኣ ተፋቲሑ ክበሃል፡ ምስ እኸለ ተዓሪቑ ክበሃል ጸኒሑ እንደገና ተራጺሙ እናተባህለ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ከልበትበት ሞትን እህህታን ክነብር እናረኣዩን እናሰምዑን፡ ኣብ ክንዲ ትርጉም ዘለዎ ተቓውሞ መጣቓዕትን መዳመቕትን ዝኾኑ ትካላትን ኣካላትን ምርኣይ 'ምበኣር፡ ደምበ ህግደፍ ናይ ፖለቲካ ምውታት ሰፈር ምዃኑ'ዩ ዝሕብር።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 03-12-2018